ብዛዕባ ቱበርክዩሎሲስ ብተደጋጋሚ ዝቐርቡ ሕቶታትን መልስታቶምን

1. ቱበርክዩሎሲስ እንታይ እዩ?

ቲቢ ማይኮባክቲርየም *ቱበርክዩሎሲስ* ብዝበሃሉ ታህዋስያን ዝፍጠር ተመሓላላፊ ሕማም እዩ። እቲ ኣዝዩ ዝውቱር ዓይነት (ኣስታት 70% ካብ ተርእዮታት) ቲቢ ናይ ሳንቡእ ቱበርክዩሎሲስ እዩ። ከም ቲቢ *ሊምፍ-ኖድ* ወይ ቲቢ ዓጽሚ ዝኣመሰሉ ካልኦት ዓይነታት ግና ተመሓላለፍቲ ኣይኮኑን።

2. ስዉር መልከፍቲ ቲቢ እንታይ እዩ?

ስዉር መልከፍቲ ቲቢ ማለት ሓደ ሰብ ኣብ ገለ እዋን ናይ ህይወቱ ደቀቕቲ ታህዋስያን ቱበርክዩሎሲስ ምስ ዘለዎም ሰባት ኣብ ዝገበሮ ርክባት እተለኽፈ ማለት እዩ። ኣብዚ ደረጃ እቲ ሰብ **ኣይሓምምን ወይ ንኻልኦት ኣየመሓላልፍን።** መብዛሕትኦም ካብኦም እተለኽፉ ሰባት (ኣስታት 90%) ብጭቡጥ **ብሕማም ቲቢ ከቶ ኣይስነፉን።**

3. ቱበርክዩሎሲስ ብኸመይ ይመሓላለፍ?

ሕማም ቱበርክዩሎሲስ ካብ እተለኽፈ ሰብ ናብቲ ኻልእ ብእነስተንፍሶ ኣየር ይመሓላለፍ። ሕማም ቲቢ ዘለዎም ሰባት ምስ ዝስዕሉ ብማይክሮስኮፕ'ምበር ብዓይኒ ዘይረኣዩ ደቀቕቲ ታህዋስያን (ቱበርክዩሎሲስ ባክተርያ) ዝሓዘሉ ነጠብጣባት ኣብ ዙርያኦም ናብ ዘሎ ኣየር የውጽኡ። እዞም ነጠብጣባት ኣብቲ ኣየር ንገለ እዋን እናኣንሳፈፉ ኣብ ዝጸንሑሉ እዋን ካልኦት ሰባት ምስ እስትንፋሶም ንውሽጢ ኪስሕቡዎም ይኽእሉ። ናይ መልከፍቲ ሓደጋ ሕማም ቲቢ ሳንቡእ ምስ ዘለዎ ሰብ **ኣብ ዝፍጠር ርክብ ጥራይ ይኽሰት** (ሕቶ 6)።

4. ሓደ ሰብ ብዛዕባ ሕማም ቲቢ መኣስ እዩ ዝዛረብ?

ሓደ ሰብ እቶም ባክተርያ ኣብ ሳንቡእ ምስ ዝራብሑ ሕማም ቲቢ ኣሎኒ ኢሉ ይዛረብ። እዚ ኵነት ዋላ"ውን ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ወይ ዓመታት ድሕሪ መልከፍቲ ክኽሰት ይኽእል። ባክተርያ ቲቢ ናብ ዝተረፈ ክፍሊ ኣካላት (ንኣብነት፣ ደቀቕቲ ታህዋስያን ዝከላኸል ልፋጭ ናብ ዘመንጭዉ *ሊምፍ ኖድ* ዝበሃሉ ህዋሳት፡ ናብ ማእኸላይ ስርዓተ-መትንታትን ኣዕጽምትን) ብመንገዲ ስርዓተ-ዑደት ደም ኣቢሉ ክስፋሕፍሕ ይኽእል። እዞም ዓይነታት ቱበርክዩሎሲስ ተመሓላለፍቲ ኣይኮኑን። ሕማም ቲቢ ልዕሊ ዅሉ ንንኣሽቱ ህጻናትን ካብ ሕማማት ዝከላኸል ስርዓተ-ብየና ኣካላቶም ንኣተዳኽመ ሰባትን እዩ ሓደገኛ። ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ሕማም ቲቢ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ምስ ዝግበረሉ ብዓወት ክፍወስ ይኽእል እዩ።

5. ፍሉያት ምልክታት ሕማም ቲቢ ኣየኖት እዮም?

ቲቢ መብዛሕትኡ ጊዜ ብንኣሽቱ ምልክታት ሕማም ይጅምር። እዞም ምልክታት ሕማም፥ ምስዓል (እናሓንሳእ ደም ዘለዎ ዓኽታ)፡ ድኻም፡ መጠነኛ ረስንን ረሃጽን ብጊዜ ለይቲ ይርከብዎም። እቲ ሕማም እናማዕበለ ምስ ዝመጽእ፡ እቲ ሕሙም ክብደት ኣካላቱ ክንክይ፡ ሸውሃቱ ክዕጸን ቃንዛ ኣፍልቢ ክስምዖን ይኽእል።

6. መልከፍቲ ቲቢ ሳንቡእ መኣስ እዩ ተመሓላላፊ ዚበሃል?

እቲ ሕማም ኣብ ሳንቡእ ማዕቢሉ እቲ ግዳይ ኣብ ዝስዕለሉ (ወይ ከም ኵነታት ናይቲ ሕማም ኣብ ዝህንጥሰሉ) ጊዜ ቱበርክዩሎሲስ ባክተርያ ከውጽእ ኣብ ዝጅምረሉ እዋን እዩ ቲቢ ሳንቡእ ተመሓላላፊ ዚበሃል። እቲ ሕማም ማዕቢሉ ኣብዚ ደረጃ ክሳብ ዘይበጽሐ፣ እቲ ቲቢ ዝሓዘ ሰብ ቱበርክዩሎሲስ ከመሓላልፍን ንኻልኦት ሰባት ኪለክፍን ኣይክእልን (ሕቶ 3).

7. ተመሓላላፊ ሕማም ቲቢ ሳንቡእ ዘለዎ ሰብ ክሳብ መኣስ እዩ ነቲ መልከፍቲ ዘመሓላልፍ?

ሓደ ተመሓላላፊ ቲቢ ሳንቡእ ዘለዎ ሰብ፣ ኣብ ሆስፒታል ወይ ኣብ ገዛ ንበይኑ ሕክምናዊ ክትትል ይግበሮ። እዚ ማለት ምስቲ ኻልእ ዘይተለኽፈ ሰብ ምእንቲ ከይራኸብ ይግበር ማለት እዩ። **ንኻልእ ሰብ ከመሓላልፍ ኣብ ዘይኽእለሉ ደረጃ ክሳብ ዝበጽሕ** ንበይኑ ይኸውን። ከም ሕጊ፣ እዚ ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ሰሙናትሰሙናት ይወስድ። ድሕሪ'ዚ፣ እቲ ግዳይ **ቲቢ ከመሓላልፍ ኣይክእልን።** ይኹንምበር፣ እቲ ብቲቢ እተለኽፈ ሰብ ነቲ ፈውሲ ኣብ ትሕቲ ሕክምናዊ ክትትል ምሉእ ብምሉእ ክሳብ ዚፍወስ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ወይ ዝያዳኡ ኪቕጽሎ ይግባእ።

8. ንመልከፍቲ ቲቢ እተቓልዐ መን እዩ?

ንመልከፍቲ ቲቢ እተቓልዐ ሰባት እቶም ተመሓላላፊ ቲቢ ሳንቡእ ናብ ዘለዎ ሰብ ኣዝዮም ዝቐርቡ (ንሓያሉ ሰዓታት ምስቲ ሕሙም ኣብ ሓደ ክፍሊ ዚጸንሑ) እዮም (ሕቶ 6).

9. ምስተኽብኩ ኽ ንመልከፍቲ ክቃላዕ ዶ እኽእል?

እወ፣ እቶም ኣንጻር ሕማም ቲቢ ኣብ ምዱብ ጊዜ ይወሃቡ ዝነበሩ ክታበታት (BCG) ብኣዝዩ ድሩት መጠን ጥራይ ስለ ዚከላኽሉ።

10. ሕማም ቲቢ ሳንቡእ ምስ ዘለዎ ሰብ ተራኺቡ ነይረ። ሕጂ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?

ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ጨንፈር ቤት-ጽሕፈት ቲቢ Cantonal Lung Association ንቱበርክሎሲስ ዝምልከት ዝኾነ ጉዳይ ምስ ዝህልወካ፣ ነጻ ምኽርን ሓበሬታን ኪህበካ ይኽእል እዩ። ዝኾነ ተመሓላላፊ ሕማም ቲቢ ናብ ዘለዎ ሰብ ኣዝዩ ዝቐረበ ሰብ (ሕቶ 6) ሓበሬታ ምእንቲ ክረክብን ተለኺፉ እንተኾይኑ ምእንቲ ክምርመርን፡ ምስ ቤት-ጽሕፈት ቱበርክዩሎሲስ (ምስዚ ጽሑፍ ተተሓሒዘም ኣብ ዘለዉ ኣድራሻታት) ቆጸራ ክሕዝ ይኽእል (መበል 12 ሕቶ)።

11. ብናይ ሳንቡእ ዘይኮነስ፡ ብኻልእ ዓይነት ቲቢ ምስ እተለኽፈ ሰብ ተራኺቡ ነይረ። ሕጂ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?

ዘንጸላለወካ ዝኾነ ሓደጋ ስለ ዘየለ፣ ዝኾነ ነገር ክትገብር ኣየድልን። እቲ ብቲቢ ዝሓመመ ሰብ ዝኾነ ቱበርክዩሎሲስ ባክተርያ ብሻንብቆታት እስትንፋስ ስለ ዘየውጽእ፣ እዞም ዓይነታት ቲቢ ተመሓላለፍቲ ኣይኮኑን።

12. መልከፍቲ ሕማም ቲቢ ብኽመይ ይልለ?

መልከፍቲ ቲቢ ብመርመራ ነድሪ ቆርበት ወይ ብመርመራ ደም (inter-feron-gamma) ተባሂሉ ብዝጽዋዕ መርመራ ክፍለጥ ይከኣል። ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዝርከብ ጨንፈር ቤት-ጽሕፈት ቱበርክዩሎሲስ Cantonal Lung Association፡ ብዛዕባ ኣገባብ መርመራን ርኽቦት ውጽኢት መርመራን ሓበሬታ ክትውከስ ይከኣል።

13. ልዕሊ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ኣብ ዝዕድመኣም ሰባት፣ መርመራ ነድሪ ቁርበት ወይ መርመራ ደም፣ ተመሓላላፊ ቲቢ ሳንቡእ ምስ ዘለዎ ሰብ ድሕሪ ዝገብርዎ ርክብ ድሕሪ ሸሞንተ ሰሙናትሰሙናት ስለምንታይ ይሰላሰል?

ቱበርክዩሎሲስ ባክተርያ ብዘገምታ ስለ ዝራባሕ፡ መልሰ-ግብሪ ምክልኻል ስርዓተ-ብየና ኣካላት ደቂ ሰብ ንኺምዕብል ሓያለ ሰሙናትሰሙናት የድልዮ። እዚ ማለት፣ ክስተት መልከፍቲ ቲቢ ክሳብ ድሕሪ ሸሞንተ ሰሙናት ምውሳን ኣይከኣልን። እንተኾነ፣ ሓደገኛ ዓይነት ቲቢ ናይ ምምዕባል ተኽእሎ፣ ትሕቲ ዓሰርተው-ክልተ ዓመት ኣብ ዝዕድመኣም ቆልዑ ዝዓበየ እዩ። ብዘይካ'ዚ፣ እዚ ሕማም ኣብ ክሊ እዚ እተጠቕሰ ዕድመ ኣብ ዚርከቡ ቆልዑ ብቕልጡፍ ክምዕብል ይኽእል። በዚ ምኽንያት፣ ንስለ ውሕስነት፣ ቲቢ ምስ ዘለዎ ሰብ ድሕሪ ዝገብርዎ ርክብ፣ **ካብመቅጽበት** ኣብ ልዕሊ እዞም ቁልዑ ቀዳማይ መርመራ ይካየድን – ኣብ ውጽኢት እቲ መርመራ ብምምርኻስ – ድሕሪ ሸሞንተ ሰሙናት ካልእ መርመራ ይካየደሎም።

14. ውጽኢት መርመራ ደም ኣዎንታ እዩ። እዚ እንታይ ማለት እዩ? ድሕሪዚ እንታይ ይሰዕብ?

ኣዎንታዊ ውጽኢት መርመራ፣ ርክብ ምስ ቱበርክዩሎሲስ ባክተርያ ተኸሲቱ ኣሎ ማለት እዩ (ሕቶ 2)። ቤት-ጽሕፈት ቲቢ ብዛዕባ'ዚ ክሕብረካ እዩ። እቲ ናይ ውልቀ'ካ ዶክተር፣ ሕማም ቲቢ ኣብ ምውጋድ ወይ ህላወኡ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ተወሳኺ መርመራ (ራጂ፣ ወዘተ) ንምግባር ቆጸራ ክትሕዝ ክሓተካ እዩ።

15. ብቲቢ ተለኺፈ ኣለኹ። ከም ሳዕቤኑ፣ ንኻልኦት ሰባት ኣብ ሓደጋ ከእቱ እኽእል ድየ?

ኣይፋል! መልከፍቲ ቲቢ ሓደ ንስኻ ቲቢ ኣለካ ወይ ንኻልኦት ክተመሓላልፍ ትኽእል ኢኻ ማለት ኣይኮነን (ሕቶታት 2፡ 4ን 6ን)። እዚ ኽኣ፣ ውጽኢት መርመራ ደምካ ኣዎንታ ብምኾኑ፣ እቶም ንስኻ እትረኽቦም ሰባት ኣብ ሓደጋ ኣለዉ ማለት ኣይኮነን።

16. ብቲቢ ተለኺፈ ኣለኹ። ሓደ መዓልቲ በዚ ሕማም ክስነፍ ዘሎኒ ተኽእሉ ማዕረ ክንደይ ዓብይ እዩ?

ታህዋስ ቲቢ (bacterium) ብምክልኻል ስርዓተ-ብየና ኣካላት ደቂ ሰብ ቀጻሊ ምክትታል እናተገበረሉ ኣብ ልኡም ኩነት ይጸንሕ። 90% ካብ ኩሎም እቶም ዝልከፉ **ፈጺሞም** ቱበርክዩሎሲስ **ኣየማዕብሉን**። እቶም 10% ጥራይ እዮም ሕማም ቲቢ ዘማዕብሉ። ካብዚኣቶም፣ እቶም ፍርቂ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ሕማም ቲቢ ከማዕብሉ ከለዉ፣ እቶም ዝተረፉ ፍርቂ ኽኣ ኣብ ዳሕረዎት ዓመታት የማዕብሉ (ሕቶ 4)። ሓደገኛነት መልከፍቲ ቲቢ፣ ዘይብቑዕ ምክልኻል ስርዓተ-ብየና ኣካላት ምስ ዝህልው (ንኣብነት፣ ብኤች.ኣይ.ቪ ኣብ እተለኽፉ ሰባት፣ ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ዝቐጸለ ክንክን ነዝዕታት (cortisone treatment) ወይ ንስርዓተ-ብየና ዘዳኽም ገለ ስነ-ቀመማት ዘጠቓልል ሕክምና (chemotherapy) ከምኡ'ውን ኣብ ተርእዮታት ሕማም ሽኮርያ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ወይ ምዝውታር ትምባኾን ሽጋራን) ይዛይድ።

17. ብቲቢ ተለኺፈ እንተ ኾይነ ክፍወስ እኽእልዶ?

ሓደ እተረጋገጸ መልከፍቲ (ሕቶ 2) ብጸረ-ታህዋስያን መድሓኒት (ኣንቲባዮቲክ) እዩ ዝፍወስ። ከከም ዓይነት ናይቲ ዝውሰድ ኣንቲባዮቲክ፣ እቲ ሕክምናዊ ክንክን ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ትሻዓተ ኣዋርሕ ይወስድ። ሕማም ቲቢ ድሒሩ ክፍጠር ዝኽእሉሉ ዕድል ኣዝዩ ስለ ዝቕንሰ፡ ሕክምና ምክትታል ይምከር። ከምዚ ዝዓይነቱ ሕክምና ንኽሰላሰል ግና፣ እቲ እተለኽፈ ሰብ ምስቲ ዝኸታተሎ ሓኪም ብሓባር ክውስኑ ይግባእ።

18. መን ንምንታይ ይኽፍል?

ቁጽጽር ብጽሒት ወጻእታት ፍወሳ ሕማም ቲቢ ካብ ሓደ ምምሕዳር ከባቢ ናብቲ ኻልእ ይፈላለ እዩ። ኣብቲ እትነብሮ ከባቢ ዝርከብ ጨንፈር ቤት-ጽሕፈት ቲቢ Cantonal Lung Association ኣብ ምምሕዳር ከባቢኻ ብዛዕባ ዘሎ ቀረባት ክሕብረካ ድሉው እዩ።

19. እንትርፎ ከባቢያዊ ኣብያተ-ጽሕፈት ቱበርክዩሎሲስ፣ ንሕማም ቲቢ ዝምልከት ሕቶታት ከውክሶ ዝኽእል ስዊዘርላንዳዊ ሃገራዊ ማእከል ኣሎዶ?

እወ፡ ብFederal Office of Public Health ኣብ መላእ ሃገር ዚዕመም በበይኑ ሓላፍነታት እተሰከመ Competence ማእከል ቲቢ Swiss Lung Association ዚበሃል ኣሎ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ፥ www.tbinfo.ch ምርካብ ይከኣል።

20. ሓደ ሰብ ብቲቢ ምስ እተለኽፈ ሰብ ምስ ዝራኸብ፣ እቲ መርመራ ብኽመይ ይሰላሰል?

ክስተት ሕማም ቲቢ ኣብ ዝምርመረሉ እዋን፣ እቲ ብሕማም ቲቢ እተጠቕዐ ሰብ ኣብ ዝነብረሉ ከባቢ ናብ ዝርከብ ሓላፊ ከባቢያዊ መኮነን ትዕና በቲ ዝኸታተሎ ሓኪምን ላቦራቶሪን ጸብጻብ ክቕርብ ይግባእ። ሓላፊ ከባቢያዊ መኮነን ጥዕና፣ ብመሰረት ውጽኢታት መርመራታት፣ መርመራ መልከፍቲ ከካየድ ኣድላይነት እንተ ሃልይዎ ከውስን እዩ። እዚ ዝኽውን፣ እቲ ሕማም ተመሓላላፊ ቲቢ ሳንቡእ ምኽኑ ምስ ዝረጋገጽ ጥራይ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተርእዮታት፣ ዚምልከቶ ጨንፈር ቤት-ጽሕፈት ቲቢ Cantonal Lung Association መርመራ መልከፍቲ ተመሓላላፊ ቲቢ ከካይድ ሕድሪ ይስከም። እቲ ትካል ነቲ ቲቢ ዝሓመመ ሰብ ከዘራርቦ እዩ። ንሓደጋ መልከፍቲ ናይ እተቓልዑ ሰባት ዝርዝር ብሓባር ይረቕቕ (ሕቶ 8)። ከም መምርሒ፣ እዚኣቶም ኣባላት ስድራቤት፣ ዓርከ-መሓዛ፣ መሳርሕትን ትርፊ ጊዜኣም ምሳኻ ዘሕልፍዎ ሰባትን እዮም። ኩሎም እዞም ሰባት ተሓቢሮም፣ መልከፍቲ ቲቢ ከይህልዎም ይምርመሩ (ሕቶ 12)።

ጥፈልጡዶ ...

... ቱበርክዩሎሲስ ናብ ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ህዝቢ (FOPH) ክሕበር ዘለዎ ተመሓላላፊ ሕማም ምኽኑ?

... ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ዓመታዊ ሓድሽ ክስተት ሕማም ቲቢ ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ናብ መንነ 500-550 ክም ዝወረደ?

... እቲ መድሓኒታት ብመሰረት ለበዋታት Swiss Lung Association ክምኡ'ውን FOPH ክሳብ እተወሰደ፣ ሕማም ቲቢ ኣብ ስዊዘርላንድ ብዓወት ኪፍወስ ክም ዝከኣል?

... 1.8 ሚልዮን ኣቢሎም ዝግመቱ ሰባት ኣብ መላእ ዓለም (ልዕሊ ዅሉ ኣብ ምምዕባል ዚርከባ ሃገራት) ብሕማም ቲቢ ዓመት-መጽኣ ክም ዝሞቱ?

Fact sheet FAQ
in other languages:

Competence centre tuberculosis
Chutzenstrasse 10
3007 Bern
Phone 031 378 20 50
Fax 031 378 20 51
tbinfo@lung.ch
www.tbinfo.ch

ኣብያተ-ጽሕፈት ቲቢ

Aargau/Basel-Land
Lungenliga Aargau
Hintere Bahnhofstrasse 6
Postfach
5001 Aarau
Tel. 062 832 40 00
Fax 062 832 40 01
lungenliga.aargau@llag.ch

Basel Stadt
Kantonsärztlicher Dienst
St. Alban-Vorstadt 12
4001 Basel
Tel. 061 267 95 26
Fax 061 267 95 28
gsd@bs.ch

Bern
Tuberkulose-Beratung
Universitätsklinik für Infektiologie
Inselspital
3010 Bern
Tel. 031 632 60 69
tb.info@insel.ch

Fribourg
Ligue pulmonaire fribourgeoise
Route St-Nicolas-de-Flüe 2
Case postale 96
1705 Fribourg
Tel. 026 426 02 70
Fax 026 426 02 88
info@liguepulmonaire-fr.ch

Genève
Centre antituberculeux de Genève
Rue Gabrielle Perret Gentil 6
1211 Genève
Tel. 022 372 95 44
Fax 022 372 99 29
cat.infirmieres@hcuge.ch

Glarus
Lungenliga Glarus
Wiggispark
8754 Netstal
Tel. 055 640 50 15
Fax 055 640 53 32
lungenligaglarus@bluewin.ch

Graubünden
Lungenliga Graubünden
Gürtelstrasse 80
7000 Chur
Tel. 081 354 91 00
Fax 081 354 91 09
info@llgr.ch

Jura
Ligue pulmonaire jurassienne
Place de l'Eglise 7
2800 Delémont
Tel. 032 422 20 12
Fax 032 422 20 45
direction@liguepj.ch

Luzern-Zug/
Nidwalden/Obwalden
Lungenliga Luzern-Zug
Schachenstrasse 9
6030 Ebikon
Tel. 041 429 31 10
Fax 041 429 31 11
info@lungenliga-lu-zg.ch

Neuchâtel
Ligue pulmonaire neuchâteloise
Rue de la Gare 4
2034 Peseux
Tel. 032 886 82 60
Fax 032 886 82 61
ligue.pulmonaire@ne.ch

St. Gallen/
Appenzell AI/Appenzell AR
Lungenliga St. Gallen
Kolumbanstrasse 2
Postfach
9008 St. Gallen
Tel. 071 228 47 47
Fax 071 228 47 48
info@lungenliga-sg.ch

Schaffhausen
Lungenliga Schaffhausen
Grabenstrasse 7
8200 Schaffhausen
Tel. 052 625 28 03
Fax 052 625 37 74
info@lungenliga-sh.ch

Schwyz
Lungenliga Schwyz
Bahnhofstrasse 29
6440 Brunnen
Tel. 041 857 00 16
Fax 041 857 00 17
brunnen.llsz@hin.ch

Solothurn
Lungenliga Solothurn
Dornacherstrasse 33
Postfach 563
4501 Solothurn
Tel. 032 628 68 28
Fax 032 628 68 38
info@lungenliga-so.ch

Thurgau
Lungenliga Thurgau
Bahnhofstrasse 15
Postfach 251
8570 Weinfelden
Tel. 071 626 98 98
Fax 071 626 98 99
info@lungenliga-tg.ch

Ticino
Lega polmonare ticinese
Via alla Campagna 9
6904 Lugano
Tel. 091 973 22 80
Fax 091 973 22 89
legapolm@bluewin.ch

Uri
Lungenliga Uri
Seedorferstrasse 19
6460 Altdorf
Tel. 041 870 15 72
Fax 041 870 18 58
lungenliga.uri@bluewin.ch

Valais
Ligue pulmonaire valaisanne
Rue des Condémines 14
Case postale 888
1951 Sion
Tel. 027 329 04 29
Fax 027 329 04 30
info@psvalais.ch

Vaud
Ligue pulmonaire vaudoise
Avenue de Provence 4
1007 Lausanne
Tel. 021 623 38 00
Fax 021 623 38 10
info@lpvd.ch

Zürich
Verein Lunge Zürich
Tuberkulose-Zentrum
Wilfriedstrasse 7
8032 Zürich
Tel. 044 268 20 95
Fax 044 268 20 20
tuberkulose@lunge-zuerich.ch

Fürstentum Liechtenstein
Amt für Gesundheit
Aeulestrasse 51
Postfach 684
FL-9490 Vaduz
Tel. 00423 236 73 34
Fax 00423 236 73 39
info@ag.llv.li